ጽማቝ ትሕዝቶ

# “ሰላመ... ለርሑቃን፣ወሰላመ ለቅሩባን”(ኤፌ.2:17)

## ንሃገራዊ ዕርቀ-ሰላም

ዚጽውዕ

**ሓዋርያዊ መልእኽቲ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ።**

## ሰላምታ

ብትንሣኤኡ ንኃይሊ ሞት ስዒሩ፣ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ሰላምን ዕርቅን ዘውረደ ኢየሱስ ክርስቶስ ብብርሃን ትንሣኤኡይባርኸና።

## መእተዊ

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሠነ 2018 ዓ.ም.ፈ. ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተበገሰን ዝተንቀሳቐሰን መደብ ሰላም፣ ከም ዘሐጐሰና እናገለጽና፣ ንእምላኽና'ውን እናመስገንና፣ ንኹሎም'ቶም ኣብ ሰደትን ኣብ ቤትማእሰርትን ዘለዉ፣ግዳያት ጨወይትን ዓመጽትን ዝኾኑ፣ ኑቶም ብዝተፈላለየ ግፍዒ ብሞት ዝሓለፉ ኵሎም ንዝከሮም ኣሎና። ዝተኣሰረ ኪፍታሕ፣ እቲ ንሃገሩ ዜማዕዱ ናብ ዓዱ ኪብል፣ ዝሞተ ከኣ መንግሥተ ሰማይ ኪረክብ፣ ንህልዋን ራህዋን ሰላምን ጥዕናን ንምህለል። ብኽልቲኡ ወገናት ናይቲ ዶብ ዘሎ ሕዝብና እውን ዘሕለፎን ሕጂ'ውን ዘሕልፎ ዘሎ ጽንኩር ኵነታትን እናሓሰብና፣ ሰላምን ራህዋን ብዜምጽእ፣ ንረብሓ ክልቲኡ ሕዝቢ ብዘድምዕ ኣገባብ ዶባት ብዝቐልጠፈ ተሓንጺጹስ፣ ናይ ክልቲኡ ወገን ዕሊታዊ ርክባቱን ሃለዋቱን ናብ ንቡር ሕይወትን ርክባትን ዳግም ዚምለሰሉ፣ ናይ ሓባር ጕዕዞኡ ዚሕደሰሉ መድረኽ ኪመጽእ ንጽሊ። ከም መራሕቲ ሃይማኖት ከንንብሮ ዘሎና እንተሎ ከኣ ንምግባሩ ድሕር ኣይክንብልን ኢና።

ነዚ መናድቕ ፍልልያት ኣብ ምሕናጽ ኣዝዩ በሊሕ ዝኾነ ዓለም፣ ብወገንና እንብድሆ፣ ኑቲ ዘፈልላየና ኵሉ ኣልጊስና፣ ብሃድነትን ንብስኒትን እትልለ ሃገር ክንሓንጽ ምስ እንኽእል እዩ። በዚ ሓሳብ'ዚ ከኣ “ሰላም ንርሑቓት፣ ንዝቐረቡ ከኣ ሰላም”[ኤፌ.2:17]ንዚብል ቃል ሓዋርያ ጳውሎስ መኽፈቲ ኣፍናን: ኣርእስቲ ጽሑፍናን ከንንብሮ መሪጽና።

### ዝነበረን ዘሎ ኵነትና፣

እዚ ዝሓለፈ ዓመታት ብውግእን ብኻልእን ዝመጽአ ጸገም ሕዝብና፣ ሃለዋት ሃገርና ዝለዓለ ጠርዞ ዝበጽሓሉ ነይሩ። ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዕድል መንእሰያትና፣ ናይ ኣዴታትን ሕጻናትን ስድራቤታትን ዕድል፣ ናይ ስደትን ምዝንባላትን ጕዳይ ኮይኑ ተረኺቡ፣ ነዚ ንምፍዋስ ዝተገብረ ዝኾነ ዓይነት መደብ ወይ ኣገባብ ስለ ዘይተዘርገሐ ከኣ፣ ንመጻኢ ህልውና ሃገር ከይተረፈ ብዘሰክፍ መልክዑ ዋሕዚ ሰባት ይቕጽል ኣሎ። እቲ ጠንቁ ዚበሃል እንተዘልግስ'ውን፣ ናብ ሕዱር ሕማም ገጹ ስለዘድሃበልናስ፣ እቲ ጕዳይ ስደት ብቐሊሉ ዚለቀልና ኣይመስልን። ዝኾነ ይኹን ምኽንያቱ ወይ መበቈሉ ብዘየገድስ፣ እቲ ሽግራት ኣሎ። እዚ ሕዝብ'ዚ ዳርጋ ንሓደ ሚእቲ ዓመት ዚኣክል ንቡርን ሥሩዕን ሕይወት ከይረኸበ፣ ኣብ'ቲ ኪበጽሖ ዚግብኦ ምዕሩግ ሃገራዊ መድረኹ ከይደየበ ጸኒሑ፣ ከምኡ ኢሉ ኸኣ ኣሎ። ብኣደዳ ስደትን ካልእ ጸገማትን ዚሓልፍ ዘሎ ሕዝቢ፣ መኣስ ኮንዩ ዚሓልፈሉ? ዘየብል ኣይኮነን።

### ካብዚ ዘይንቡር ሃለዋት ብከመይ ንወጽእ?

ካብ'ዚ ዘይንቡር ሃለዋት ዚወጽእ፣ ኵሉ ርሑቕን ቀረባን ዘሎ፣ ገሊኡ ብቦታ ዲዩ በተሓሳሰባ ዝተረሓሓቐ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ከቢ ጠረጴዛ ኮይኑ ንምዝታይ ዜብቅዖ መደብ ዕርቅን ሰላምን ምስ ዚዝርግሕ እዩ።

እዚ ከኣ ምስ ጐረቤት ሕዝብን ሃገርን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ እቲ ውሽጥና እውን “ሓደ ሕዝብን ሓደ ልብን” ዚብል ጭርሖ ጥራሕ ኮይኑ ከይተርፍ ብግብሪ ንኺረአ እዩ። ከምዚ ንዝበለ ኵነታት ፈውሱ፣ ንኹሉ ዜጠቓልል “ሃገራዊ ዕርቀሰላም” ምስ ዚእወጅን፣ ብተግባር'ውን ምስ ዚፍጸምን እዩ። “ዝተፈላለየት ቤት ክትቀውም ከዘይትኽእል”[ማቴ.7:12] ዝተፈላለየት ሃገር'ውን ከምኡ እያ። እዚ ብዕርቀሰላም ዚመጽእ ንዝሓለፈ ዛዚሙ፣ ሓዲሽ መጻኢ ዚእምት፣ ንሃገርን ንሕዝብን ኣደልዲሉ፣ ናብ ቅዋማዊ

ሥርዓትን። ዶቡን ወደቡን ናብ ዘረጋገጸ ደረጃ ሃገርነትን፣ ኣብ ውሽጢ ኮነ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ከኣ፣ ናብ ምሉእ ርግኣትን ሰላማዊ ኵነትን ዜብጽሕ እዩ። እዚ ኹሉስ ስለምንታይ እንተበልካ ድማ፣ እቲ ብሓንሳብ ዝበቘለ፣ ካብ'ዛ ሓላል መሬት ዝፈልፈለ ኵሉ፣ ብሓንሳብ እንተማዕበለ እዩ ዜምዕረሉ፣ ብሓጺሩ ከም መጠን ሃገርን ሕዝብን፣ “ምእንቲ ከይንጠፍእ ዕርቅን ምሕረትን ነምጽእ”፡ በሃልቲ ኢና።

ዕርቅን ምሕረትን ኣብ ድልዱል መሰረታት ሓቅን ፍትሕን መሰልን ናጽነትን ዝተሓንጸ እዩ። ቀዳሞት ኣቦታት ንዝኾነ ይኹን እምባጓሮ ብሓቅን ብምሕረትን ናብ መደብ ሰላም የብጽሕዎ ከም ዝነበሩ፣ ነዚ ፈዋሲ መደብ ዕርቂ ኣብ ጕዳይ ሃገር'ውን ዘይነውዕለሉ ምኽንያት የልቦን።

ብሓጺሩ ኣምላኽ ነዛ ዘፍቅራ ሃገርን ንሕዝቡን ዘለዎ መደቡ “መደብ ዕርቀ-ሰላም” ስለዝኾነ፣ አ! ሕዝቢ ኤርትራ ንሰላምን ዕርቅን፣ ንሓድነትን ስኒትን ብኹሉ ልብኻ ድለዮ፣ ርኸባ፡ ሰዓባ እውን!! ስለ'ዚ ካብ ድቃስ እትበራበረሉ እዋን ሕጂ እዩ፣' ተንሥእ! ንዝሓለፈ ኹሉ ብዕርቀ-ሰላም ዛዚምካ፣ ንቕድሚት ጠምት፣ እትኽተሎ መንገዲ ፈሊኻ ብስኒትን ሰላምን ሰጕም። ኣብ ዝሓለፈ ምእተዓመት ዘጋጠመካ፣ እቲ ቀንዲ ግድልካን ብድሆኻን፣ ብዕርቀ-ሰላም ኪብጻሕ ዝነበሮ ሥምረትን ሓድነትን እዩ።

### ሕንጸት ሃገርን መደብ ዕርቅን ምሕረትን፣

መደብ ዕርቅን ምሕረትን ምኪያድ ናይ ፈራሓት ኣይኮነን፣ እኳደኣ ትብዓትን መንፈዓትን ድፍረትን ቈራጽነትን ፍሉይ ጅግንነትን ዚገልጽ እዩ። ምሉእ ርእሰምትእምማን ዘለዎ ናብ ዕርቅን ምሕረትን ምምጻእ ኣየሰክፎን እዩ።ብፍላይ ኣብ ሕንጸት ሃገር መደብ ዕርቅን ምሕረትን ምኽታል፣ ንሃገራዊ ሓድነትን ስኒትን ንሕዝባዊ ርግኣትን ዓቢይ ኣበርክቶ ዘለዎ እዩ። ምእንትዚ ኣብ ጕዳይ ሕንጸት ሃገር ገለ ዚውገን ገለ ከምዚርሕቅ ዚግበር እንተኾይኑ ፈጺምና ዘይንድግፎ ነገር እዩ።

እዚ ዚበሃል ዘሎ ስኒትን ሥምረትን ብዘይምህላዉ ሕዝብና ኣብ ወጻኢ ሃገራት ምስ ዚነብሩ ደቁን ቤተሰቡን ዚጉበሮ ርክባትን ማኅበራዊ ጕዳያትን ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ኪፍጽሞ ምርኣይ ፈጺሙ ዘስደምም ነገር እዩ። እዚ ንኡስ ወለዶ ዝወረሶ ወይ ዚወርሶ ዘሎ እንታይ እዩ? ብመንእ-ሰይና ዝመጽአ፣ ብዙኅ ዝተኸስረ ዕድል ስለዘሎ፣ ጸብጻቡ ወይ ሕሳቡ ከንድ'ቲ ቐሊል ኣይኮነን። ነዚ መንእሰይ ወለዶ "ንሕና

ኣያታትኩም ኣቦታትኩም በዲልናኩም" ኢልና እንተዓረቕሉን፣ ነኣኣቶም ናብ ዚሓይሽ ሓዲሽ መድረኽ እንሲጋገረሉ እዋን እዩ።

ንዝሓለፈ ዓጸጺና ሓዲሽ ኣንፈት ጉዕዞ ንምኽፋት ከንብህግ ከሎና፣ ንሕማቕ ወይ ንኽፉእ ብኽፉእ ዘይኮነስ፣ ብሠናይ ከነሸንፎ ኢልና ክንብገስ የድሊ። እነካይዶ ናይ ሰላም መደብን ጉዕዞን፣ ንግዜኡ መሲጋገሪ ወይ ከአ ንውልቃዊ መደባትካ መጋበሪ ዘይኮነስ፣ ኵሉ ደላይ ሠናይን ሰላምን ዘበለ ዚሳተፎ፣ ንርእስኻ መዓቀኒ-ኾሉ ካብ ምግባር ተቈጢብካ፣ ናይ'ቲ ኻልእ ወገን ሓሳብን መደብን ምቕባል፣ ነቲ ካልእ ጽን ኢልካ ምስማዕን የሓትት።

ምእንት'ዚ ከአ ኣብ መደብ ዕርቀ-ሰላም ንምዕዋት፣ እቲ ዝወረደ በደልን ግፍዕን በሓቂ ኪፍለጥ፣ ኣብ በደል ዝወዓለ ኪእመን፣ ተበዳሊ እውን ኪሓድግ ከሎ፣ ክልቲኣቶም ወገናት ተሓዲሶም፣ ሓዲሽ መድረኽ ይሕንጽጹን የሓንጹን። ፍትሒ ዘይብሉ ኅብረተሰብ ሰላም ኣለዎ፡ ዕርቂ ወሪድዎ ኪበሃል ስለዘይከኣል፣ ንመደብ ፍትሒ ቀዳምነት ኪወሃቦ፣ ሓቂ ድማ ናይ ሰላም ሓይሊ ስለዝኾነት፣ ዓመጽን ፍልልይን ጽልእን'ውን ካብ ሓሶት ስለዚፍልፍል፡ ኅብረተሰብና ብዛዕባ ዝሓለፈ ታሪኻዊ ጉዕዞታቱን ህልው ኵነታቱን መጻኢ ፖሊሲታትን እቲ ሓቁ ኪንገሮ የድሊ። ንሓቂ ክንፈርሓ የብልናን። "ንሓቂ ክትፈልጥዋ ኢኹም፣ ሓቂ ኸአ ሓራ ከተውጽኣኩም እያ"[ዮሓ.8፡38]።

እዚ ኹሉ ከአ ሰላም ንምጭባጥ እዩ፣ ዕርቅን ምሕረትን ናብ ሰላምን ርግኣትን ዜብጽሕ መንገዲ እዩ። መሰልን ናጽነትን ሰባት ምሕላው ማለት ሰላምካን ሓድነትካን ምውሓስ እዩ። ከመይ መሰሉን ናጽነቱን ዝተነፍገ ንርእሱ ሰላም ኣይረኽበን፣ ንኻልእ'ውን ሰላም ኣይህብን እዩ።

## ግብራዊ ስጉምቲ

መደብ ዕርቅን ሰላምን ምስጓም እምበኣር ርእሱ ዝኸኣለ ወፈራ የሓትት፣

1) ሓፈሻዊ ናይ ዕርቅን ምሕረትን ኣዋጅን መደብን ምውጻእ፣

2) ድሕር'ዚ "ሃገራዊ ጉጅለ [ኮሚቴ] ዕርቀሰላም" ቆይሙስ፣ ናይ ሓቅን ዕርቅን መደባት ንምንቅስቓስ ኪንቀሳቐስ፣ ብደረጃ ሃገር ዚካየድ ኮይኑ ዕላማኡን ኣገባብራኡን ተነጺሩሉ ኪንቀሳቐስ የድሊ። ቀንዲ ስራሑ ነቲ ኣብ ውጥረትን ስግኣትን ዘሎ ኾነታት ኣልጊሱ፣ ናይ ምቅርራብን ምዝርራብን መንፈስ ከበጋግስ የድሊ።

3) ናይቲ ኣዋጅን ጉጅለን ዕላማኡ፣ ብሓፈሻዊ ምሕረትን ሕድገትን ኣቢልካ ናብ ምሉእ ሰላም ንምብጻሕ እዩ፣ በዚ ከአ ንዝሓለፈ ዓጺኻ ወይ ዛዚምካ ናብ'ቲ ዚመጽእ መድረኽ ምስግጋር ይከኣል።

4) ኣብ'ቲ ኾሉ መራኸብ-ብዙኃን ይኹን ኣብ መዕበያውን ትምህርታውን መደባትና፣ ንሰላም ዘይሕግዝን ዘየተባብዕን፡ ናይ ጸርፍን ዘለፋን ኣገባብ ተወጊዱስ፣ ቋንቋ ሰላምን ዕርቅን ምሕረትን ከነዘውትር የድሊ።

5) ብዓቢኡ ከአ ኣቐዲምና ከም ዝበልናዮ፣ ሰላምን ዕርቅን ህያብ ኣምላኽ ብምዃኑ፣ ድፍእ ኢልና ነኣኡ ክንልምኖ፣ ከም'ቲ ሕዝቢ ነነዌን ንጉሡን፡ ብልቢ ተነሲሖም ዝተማህለሉ፣ ንሕና'ውን ተነሲሕና ጸሎትና ከነዕርግ ከሎና፣ ዘይንስመዓሉ ምኽንያት የልቦን።

"ሓቀይና ሰላም፡ ፍረ ፍትሒ እዩ፣.... እንተኾነ ግና ሰብኣዊ ፍትሒ ጉደሎን ተነካእን ብምዃኑ፣ ናይ ድኻምነትን ኣንነትን ግዳይ ኪኸውን ዚርከበሉ ግዜ ስለዘሎ፣ ነቲ ቀጺሉ ዚዘናበል ናይ ሰባት ርከባት፣ ብሠረ-መሠረቱ ዚፍውስን ዜሕውን ምሕረትን ይቕረታን ኪዝውተር ኣለዎ።"[2]

### መዛዘሚ

ምእንት'ዚ ናብ ኵሎም ኤርትራውያን እነቕርቦ መጸዋዕታና፣ ተስፋኦምን እምነቶምን ኣብ ኣምላኽ ንኺገብሩ እዩ፣ ብፍላይ ኣብ'ዚ ሕጂ፣ ሃገርና ብመሪርን ተሪርን ፈተና እተሓልፈሉ ዘላ እዋን፣ ካብ ካልእ ግዜ ብዝበለጸ ናይ ኣምላኽ ረድኤት ከድልያ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ እዋናት "ነዛ ሃገርን ሕዝባን ዘለዎ ፍቕሩን ሓልዮቱን ዝገለጸ" ኣምላኽ፣ ሕጂ'ውን ብጸሎትን ስእለትን ናብኡ ክነንቃዕርር ከሎና፣ ናባና ከም ዘድህብ ፍሉጥ እዩ። ናብኡ እነዕርጎ ጸሎትን፣ ኣብኡ ዘሎና እምነትን ከቋርጽ የብሉን።

ሰላም ዜምጽእን ንሕዝቡ ፈዊሱ ዜድሕንን እግዚኣብሔር እዩ። ሰባት "ሕይወት ኪህልዎም፣ እረ'ኳ ደኣ ሕይወት ብምልኢታ ምእንቲ ኪረኽቡ"[3] እዩ ድልየት ኣምላኽ። ኣብ'ዚ ጽንኩርን መሪርን እዋንምበኣር፣ ሕዝብና ብዝተሓደሰ መንፈስን ብሓደ ልብን፣ንመደብ ፍትሒ ዕርቂ፡ንጽፉፍ ኣከያይዳ ንኺብገስ ነተባብዕ[4]። ነዛ ሃገርን ሕዝባን ብዚርኢ፣ ኣምላኽ ዘለዎ ሓሳብን መደብን ፈሊና ኣለሊና ንኽንክእል፣ ነቲ ዝተገልጸልና ንኽንክተል፣ ጸሎትን ጻዕርን የድሊ። በዚ ዓይነት'ዚ እዩ ሓድነትን ስኒትን፣ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና ምዕብልቲ ኤርትራ ንምጭባጥ ሕልምና ገሃድ ዚኸውን።

ኣብ'ዚ ዝተናወጸን ዝተሃወኸን እዋን፣ መላእ ዓሌትሰብ ብፍላይ ከአ እዚ ዘባናን ሃገርናን፣ ነታ ካብ ፍትሕን ምሕረትን እትውለድ ነባሪትን ሓቀይናን ሰላም ዚረክብ ይግበሮ፣ ንሕና'ውን እቲ *"ምሕረተ ወፍትሐ አኀሊ ለከ፣ እዜምር ወእሌቡ ፍናተ ንጹሐ" "ብዛዕባ ምሕረትን ፍትሕን ከዝምር፣ ምሳኻ ከዝይመልካን፣ ብመንገዲ ንጹሓን ክመላለስን እየ[6]*፤ ዚብል መዝሙር እነዚመሉ ዕድል የሃበና።*"ምሕረትን ሓቅን ተራኸባ፣ ሓቅን ሰላምን ከአ ተሰዓዓማ፣ ሓቂ ወዲሰብ ካብ ምድሪ ኽትበቍል፣ ጽድቂ እግዚአ-ብሔር ከአ ካብ ሰማይ ክትጥምት ኢያ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ሠናይ ኪህበና፣ ሃገርና'ውን ፍርያታ ክትህብ ኢያ[6]።*

*እግዚኣብሔር ንሃገርና ይባርኻን፣ የሓልዋን፣*
*እግዚኣብሔር ገጹ የብረሃልና፣ ጸጋኡ ድማ የሃበና፣*
*እግዚኣብሔር ይጠምተና፣ ሰላሙ ድማ የሃበና።[7]*
*"ብርሃን ትንሣኤኡ የዕዝዘልና"*

******************

ኣሥመራ በዓለ ትንሣኤ ፳፻፲፩ [2019